# *ተበለጽትን ብተበለጽቲ ዝምራሕ መንግስትን*

## ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ክፋል

*ብግርማይ በርሀ ገብረሚካኤል ( ሽካን)*

*12/23/2011*

ኣብ ካልኣይ ክፋል ጽሑፈይ ፡ ***ቃልሲ ፣ ብዝተኸፍለሉ ዋጋን ጸዕርን መሰረት ገርካ ፣ ነቲ ዝረኸብካዮ ተዓዊትካ ዘጥረካዮ፣ ዋንነት ህዝቢ ዝገበርካዮ ፣ ነቲ ዘይተዓውትካሉ ዝሳኣንካዮን ዝኸሰርካዮን ፣ መሰረት ገርካ ምምዛኑ ዝበለጸ ይኸውን*** *ኢለ ጠቒሰ ነይረ። ኣብ ናይ ሎሚ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ክፋል ጽሑፈይ ድማ ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ኣብ ስልጣን ዝመጹ ኣካላት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ መለከዒ ክትገብረሉ ዘጸግም በደላትን ገበናትን ክፍጹሙ ከምዝጸንሑን ፣ ንደረጃ ምዕባለ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንድሕሪት እናጎተቱ ከምዝጸንሑን፣ ማሕበር ሕቡራት ሃገራት'ውን ንኤርትራ ምስ ኣዝያ ኣብ መስፍናዊ ስርዓት ደረጃ ምዕባለ ዝነበረት ኢትዮጵያ ብምቑራን፣ ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዓብዪ በደል ምፍጻሙ ኣብ ታርኽ ንጹር ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብዚ ጊዜ እዚ'ውን ወያኑ፣ ከም ብተበለጽቲ ባእታታት ዝቖመ ጉጅለ መጠን፣ ኣብ ኢትዮጵያ "ፖሎቲካው ስልጣኑ" ሒዙ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝገብሮ ዘሎ ተንኮላትን ሸርሒታትን መሰረት ገረ ዘለኒ ሓሳብ ኣቕሪበ ኣለኹ ።*

*ወያኑ፣ ተቓሊሰ ተዓዊተሉ ዝብሎ ፡ ዋንነት ህዝቢ ዝገበሮ ህዝባዊ ዕላማ የለን ። ወያነ ጥራይ ዘይኮነ ፡ ኩሎም ኣብ ስልጣን ዝነበሩን ዘለዉን መራሕቲ ኢትዮጵያ ቀደም ንዝነበሮምን ኣብዚ ጊዜ'ዚ ንዘለዎምን ፖሎቲካውን ቁጠባውን ጉዳያት ሃገሮም ብዘይ ናይ ግዳማውያን ሓይልታት ኢድ ምእታው ባዕሎም እናወሰኑ ሃገሮምን ህዝቦምን ኣማሕዲሮም ዝፈልጡ ኣይኮኑን። ወያነ ከም መቀጸልታ ስልጣን ዝሓዘ ካብ ምዃን ሓሊፉ መሰረታዊ ለውጢ ዘምጽኣ ሓይሊ ኣይኮነን ።*

*ወያነ፡ ንጥዕና ዘለዎ ናይ ህዝብታት ጥጡሕ ዝምድናን ንለውጥን ግሲጋሰን ህዝብታት ኣብ ዞናና ዝግበር ጻዕሪ ኣበርክቶ ክገብር ስለዘይተፈጥረ ፡ ዓንቃፊ እምበር ሓጋዚ ዝኾነ ኣበርክቶ ክገብር ኣይካኣለን።*

*ወያነ፡ ብቀጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ንኤርትራውያን ዝትንከፈና ብዝለዓለ መልኸዑ ኢድ ብምእታውን ምስ ናኣሽቱን ዓበይትን ማሕበራትን ማሕበረሰብ ዓለምን ሸርሒታት ኣብምእላምን ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ገበናት ንምፍጻም ላዕሊ ታሕቲ ኣብ ምባል ይርከብ። ኤርትራውያን ንዘጋጥመና ተጻብኦታት ምምካት ግድን ይኸውን።*

*ወያነ በብጊዚኡ ዘርኣዮ ኣዕናዊ ፍጻሜታት ነጻጺልካ ዘይኮነ ፡ ንኹሉ ኣተኣሳሲርካን ሰሪዕካን ምርኣዩን ምስ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሩ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ምዝማዱን ነቲ ሓቀኛ እንታይነት ወያነ ዘርኢ ምዃኑ እናሓበርኩ ናብ ናይ ሎሚ ጽሑፈይ ቅድሚ ምስጋረይ ፡ ምስ ናይ ካላኣይ ክፋል ጽሑፍ ንምትሓሓዝ ዝኣክል ፡ በዚ ዝስዕብ እጅምር ፦*

ንሕና ወያነ ፡ ንህዝቢ ኤርትራ እኮ ንሓልየሉ ኢና በሉና ። “ብረት ሰውራ ኤርትራ ቁልቁልኣፉ ኣይድፋእን” ዝብል መጽሓፍ “ ተስፋጼንን ተስፋጼናውያንን “ ብዝብል ብዙሕ ገለጻታት ዘለዎ ከነንብቦ ቀረቡልና ። ካብቶም ዝመሃሩኒ መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ እውን እንተኾነ፡ ንሕና ወያነ ንነፍዕ በሉ ። ወያነ፡ ነቲ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ዝተጸንዐ ቦታታት ኣትኪሉ ዝዋግኦ ዝነበረ ወተሃደራዊ ኣመራርሓ ሰራዊት ኤርትራ ዘለዎም ትዕዝብቲ ክገልጽዎ ከለዉ “ ጫማይ ኣየውጽእን እየ ኢልካ ፡ እግርኻ ምስኣን ኣሎ” በልዎ ። ብዛዕባ ወተሃደራዊ ኣመራርሓ ትጋገዩ ኣለኹም ማለቶም እዮም ምዕዶታት እዩ ዝመስል፡ ሕማቅ ኣይትብሎን ። ብስነ ሓሳባዊ ፍልስፋና እውን ማሕበርነታዊ ሃጸይነት ዘይበለ ካባና እፈለ በሉ ። ብፖሎቲካዊ ፍልስፍናን ወተሃደራዊ ስትራትጂ ኣመራርሓን ፡ ንሕና ወያነ ዘረባ ኣለና ማለቶም እዮም።

እንተኾነ ተቓለስቲ ኤርትራውያን ኮኑ ኢትዮጵያውያን፡ ወያነ፡ ካብ ተሞኩሮኦም ተማሂሮም ይዕረዩ ይኾኑ ብምባል ህዝቢ ከምዘይሓልፍ ጸሮም ። ብዙሓት ኤርትራውያንን ተጋሩን ክቕበልዎ ኣይካኣሉን ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ጎንጽታት ንረብሓ ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን ኣይኮነን ተባህለ ። ኮይኑ ግን ወያነ ኣብ ዘመነ “ተስፋጼንን ተስፋጼናውያንን” ዝሳኣንዎ ኩናት ኣብ ዘመነ ዶ/ር ፍሳሃጼናውያን ( ኣብዚ ጊዜ እዚ” ኣንድነት” ዝብሉ ዘለዉ) ኣብ 1998 ድሕሪ

ናጽነት ኤርትራ ረኺብዎ ። በኣሻሓት ዝቁጸሩ ንህዝቢ ኤርትራ ኮነ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከገልግሉ ዝኽእሉ ኣብ ቃልሲ ዝተጠርዩ ኣካላትና ከኣ ኣብ ኲናት ጠፍኡ ። ኣብ ዝብል በጺሒና ነርና። ቀጸሊ እንሆ፡-

ወያነ ንነብሶም "ማርክሳውያን ኢና" ኣብ ዝብልዎ ዝነበረ ጊዜ፡ "ማርክሳውያን" ገሮም ክሰርሑና ክሃንጹና ፡ "ማርክሳውያን" ክንኮኖሎም ፡ ዘይበልዎን ዘይፈተንዎን ነገር ኣይነበረን ። ኣብ ጊዜ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ( ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንኹሎም ሃገራውያን ከሳትፍ ዝግብኦ መድረኽ ክንሱ ) ወያነ ግን " ሰውራ ኤርትራ ዝነበሮ ገስጋሲ ጠባያት ኣጥፊኡ ርእሰማላዊ ስርዓት እዩ ክሃንጽ ዝቃለስ ዘሎ .. " እናበሉ ንህዝቢ ዝምህሩ ካድራት ናብ ውሽጥን ወጻእን ኣዋፊሮም ሰሪሖም እዮም ። ኣብዚ ጊዜ እዚ ከኣ ንርእሰማላዊ ስርዓት እናድነቁን ካብኡ እናተዓንገሉን ኣብዝኸድሉ ዘለዉ ጊዜ ፡ ንዓስቦም ከም ገጸ በረከት ንኃይቶቶም ክንሰምዕን ዝተበሃልናዮ ክንገብርን ፡ ዝበልዎ ክንደግምን ከምኦም ክንከውንን ይደልዩና ኣለዉ ። እቲ ሓልዮቶም ኣዝዩ ዝዓበየ ይመስል ። ካብ ብሓልዮት ኤርትራውያን "ተስፋጼንን ተስፋጼናውያንን" መጽሓፍ ምጽሓፍ ዝሓለፈ ኣብ ቅድሚ ሕቡራት ሃገራት ንሕና ኤርትራውያን ገና ካብ ዘመነ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘይወጻና ምዃና ዝነግር፡ ካብ ሓደ መድረኽ ናብ ካልእ ከተሓላልፍ ዘኽእል ሓልዮት ይመስል ።

ህዝቢ ኤርትራ ብናቱ ምርጫ ክኸይድ እዩ እቲ ጉቡእ ። ወያነ ናይ ተበለጽቲ ምትእኽኻብ ጉጅለ ኮይኑ እምበር ፡ ህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ ሕጂ ዝተበደሎ ይኣክል ፡ እኺዳኣ ምሕጋዝ ዘድልዮ ህዝቢ እዩ ክብሉ ምተገበአ። ኮይኑ ግን ወያነ ኣብ ጉዳይ ፖሎቲካዊ ሂወት ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ኢድ ከእቱ ክፍትን ቀደም ስርሑ እይነበረን ኣብዚ ጊዜ'ዚ እውን ስርሑ ኣይኮነን ። ብቅዓት'ውን የብሉን። ሰላም ዝሰፈና ዝማዕበለት ኤርትራ ክትህነጽ ወያነ ድሌት እንተዝነብሮ ከምዚ ተሪኹም ዝገልጾ ዘሎ ተግባራቶም ኣይምኾነን። ኮይኑ ግን ራህዋ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ወያነ ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቡ ዘሕፍሮ ኮይኑ ስለዝሓስቦ ፡ ዝኾነሉ እንተኾይኑ ፡ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝኾነ ዕንቅፋት ክፈጥር ዝኽእል ስራሕ ክሰርሕ ድሕር ዝብል ኣይመስልን።

በዚ መሰረት ኤርትራውያን ፡ ወያነ በቲ ቀደም ነርናዮ ፡ ንዕኡ ሓሊፍና ፡ ኣብዚ ጊዜ እዚ ከኣ ኣለናዮ ፡ ንዝብልዎ፡ ማለት፡ ብናይ ቀደም ማርክሳውያን ብናይ ሎሚ ኣድነቕቲ ርእሰማላውያን ፡ ቓልሲ ክጅምሩ ከለዉ ናይ ብሄር ሕቶ ዘልዓሉ ተቓለስቲ ፡ ቓልሲ ክዛዝሙ ከለዉ ከኣ ናይ ኢትዮጵያ ብዓባያ ሓላፍነት ተሰኪምቲ ፡ ምዃኖም ኣብ ጸብጻብ

ኣእቲናን ኣታኣሳሲርናን ፡ ንሕሉፍ ይኹን ንህልው ኩነታት በቲ ልክዕ ሚዛኑ ክንገልጾ ንግደድ ኢና ። ብኡ መሰረት ንረብሓታትን ክብርታትን ህዝቢ ኤርትራ ክንሰርሕ ፡ ንጽቡቅ ምዕባለን ራህዋን ህዝቢ ኢትዮጵያን ካልኦትን ክንምነን ሞራላዊ ደገፍ ክንገብር ከኣ ይግባእ።

ኣብ ጊዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ፡ ኤርትራውያን ካብ ሰናይ ድሌትን ዝነበረና ቅኑዕ ፖሎቲካዊ መርገጽን መሰረት ፡ ወያነ ክምስርትዎ ዝደለዩ ዝነበሩ ዓይነት ስርዓት ንየኦም ይምልከት ብምባል ፡ ነቲ ዝነበረ ናይ ለውጢ ሓይልን ናይ ህዝቢ ድሌትን ብምግንዛብ ፡ ብዙሓት ኤርትራውያንን፡ ወያነ ትግራይና ዓበየት ከደት ተወንጨፈት ፡ እናበልና ህዝቢ ትግራይ ኮነ ህዝቢ ኩለን ካልኦት ብሄራት ኢትዮጵያ ክርህወን ፡ ህዝቢ ሱዳን ክርህዎ ፡ ኣብ ከባቢና ዝነብሩ ህዝብታት ክሓልፈሎም ፡ ኩልና ተሓጋጊዝና ክንዓብን ወሰንቲ ፖሎቲካዊ ጉዳያትና ክንከውንን ዝነበረና ዕላማ ንቅድሚት ይደፍእ ከምዘሎ ገርና ረኣናዮ ።

ንገዛእ ርእስና ኮነ ከባቢና ኢዱ ዝመልኣሉ ብሰላም ዝነብር ንግስጋሴ ዝጥምት ዞና ክኸውን ዓብዩ ድሌት ዝተገብረሉን ዋጋ ዝተኸፍለሉን ጉዳይ ነይሩ። ነቲ ዝረኣ ዝነበረ ናይ ህዝብታት ምትሕግጋዝ’ውን እዚ ዕላማ እዚ ይገልጾ ነበረ ። ነቲ ብዙሕ ክብደት ዘይዋሃቦ ፡ ዝረኣ ዝነበረ ናይ ተበለጽቲ ጠባያት፡ ከም ኣብ ቃልሲ ከጋጥም ዝኽእል ተርእዮ ተወሲዱ ፡ ኣብ ጉዕዞ ዝእረም እዩ ብምባል፡ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ስርዓት ደርጊ ብቀዳምነትን ብዝላዓለ ደረጃን ንስራሕ ዝብል ዕላማ ተገብረ ።

ሰውራ ኤርትራ፡ ነቲ ብጸላእቲ ዝእለም ዝነበረ መወዳእታ ዘይብሉ ተንኮላት ፡ ብዝነበረ ፖሎቲካዊ ብቅዓት ክጻወሮ ዝግብኦ ጸይሩ ፡ ንዝካየድ ዝነበረ ጸለመታት’ውን ኩነታት ብምምዛን ንገሊኡ መልሲ ከይሃበ ፡ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ብምትኳር ምስርሑን በኣንጻሩ ናይቶም ዓበይቲ ተንኮላት ዝኣልሙ ጸላእቲ ዕላማ ሰይሩ ፡ ምስቶም ኣንጻሩ ፖሎቲካዊ ጸለመታት ዘካይዱ ዝነበሩ ኢትዮጵያውን ከይተረፈ ፡ ናይ ሓባር ግንባር ብምፍጣር ነቲ ብቀዳምነት ክውገድ ዝግብኦ ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም ክውቃዕ ከምዘለዎ እናገበረ ንቅድሚት ክደፍእ ከምዘለዎ ምግባሩ ፡ ፖሎቲካዊ ብቕዓት ህዝቢ ኤርትራ ቀሊዑ ኣነጺሩ ዘመስከሮ ጉዳይ እዩ ነሩ ።

እዚ ከኣ ኩሎም ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈልጥዎ ዝነበሩን ዘለዉን ጉዳይ እዩ ። ኣብቲ ጊዜ’ቲ ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም ጥራይ ኣይኮነን ዝረዓደ ። ኩሎም ነቲ ናይቲ ከባቢ ህዝብታት ቀሲኑ ርህይዎ ብሰላም ክነብር ዘይደልዩ ምኩሓት መንግስታትን ሓይልታትን ከምእ’ውን ኣብ ከባቢና ሽዑ ዝነበሩ ዝነበሩን ሕጂ ዘለዉን ቀናኣትን ሓሳዳትን ዝኾኑ

ሓይልታትን ስርዓታትን ቅሳነት ኣይረኸቡን ። ኣዝዮም ድማ ኣብ ዓብዪ ሻቅሎት ኣትዮም ነይሮም ።

ነዚ ንረብሓታት ናይቲ ዘባ ህዝቢ ዝሕሉ ዝምድና ፣ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላእቲ ዘቕነዕ ስሙር ግንባር ንምዕንቃፍን ንምዕጋትን ፣ ብፍላይ ካብ ስግር ቀይሕ ባሕሪ ከይኑ ዘማዕዱ ብቀሊሉ ብገንዘብን ብስልጣንን ክታለልን ክጠልምን ዝኽእል ሓይሊ ሃሰስ ምባል ኣይተረፈን ። ኣዕነውቲ ሓይልታት ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራትን ቦታታትን ዝጥቀምሉ ሜላታት መዛገባቶም ገንጺሎም ክሪኡን ዝፈተንዎ ክደግሙን ግድን ከኖም። ኣብቲ ዘባ ዝተጠርዩ ተቓለስቲ ሓይልታት ኣብ ውሽጦም ኮነ ነንሕድሕዶም መሰረታዊ ብዘይኮነ ነገር እንተተኻእለ ነንሕድሕዶም ኣብ ህልኽ ከምዝኣትዉ ገረካ ነቲ ረብሓታት ናይ ህዝቢ ክከላኸል ዝኽእል ሓይሊ ምዕናዉ ፣ እንተዘይተኻእለ ከኣ ብሓባር ከምዘይሰርሑ ብምግባር ዘሎ ሰብኣዊ ዓቕምን ገንዘባዊ ትሕዝቶን ነቲ ህዝቢ ከምዘይጥቀመሉ ዕላማ ዘለዎ ተንኮላት ምኺኑ እዩ ። ቅድመ ኩነት ንምጥጣሕ ይሰርሕሉ ከምዝጸንሑ ዲሒሩ ዝሳዓበ ተርእዮታት ዝገልጾ እዩ ። ኣብዚ ጊዜ እዚ'ውን ከም መቀጸልታ ኮይኑ ዝካየድ ዘሎ እንጻር ህዝቢ ኤርትራን ህዝባዊ ዕላማን ተንኮላት ብዝያዳ ዘብርሆ ጉዳይ እዩ።

ንመጀመርያ ጊዜ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ክጻብኡና እንተዘይ ኮይኖም ሓጊዞምና ዘይፈልጡ መንግስታት፡ ቃልሲ ህዝቢ ዘባ ክፈጥሮ ዝኽእል ጽልዋታት ኣዝዩ ዘሻቀሎም ፣ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ንወያነ ዓብዪ ሓገዝ ገበሩ ። ሓደ ኣብነት ናይዚ ድማ ንጉሳዊ ስርዓት ንግስነት ስዑዲ ነበረ ። ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ክብርን መሰልን ክርስትያን ዘይሕሉ ፣ ወያነ ክብሪ ኣስላም ዘየክብር (ኣብ ኣኽሱም መስጊድ ከስራሕ ዘየፍቅድ) ፣ ንግስነት ስዑዲ ምስ ዘውዱ ፣ ወያነ ከኣ ምስ “ ማርክሳዊ ካብኡ “ ምስ ማለሊቱ ፣ ብኸመይ ምትሕግጋዝ ? ንናይ መን ረብሓ ? ንንጉሳውያን'ዶ ንማርክሳውያን ? ናይ ነዊሕ መደባት መሳልል ምትእስሳር ዝነበሮ ተንኮላት ምኺኑ ብኸመይ ክሳሓት ይካኣል ? ክሳሓት ኣይካኣልን።

ወያነ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኩናት ክገብር ምኺኑ ቅድሚ ናጽነት ገና ኣብ ሜዳ እንከሎ ፣ ፖሎቲካዊ ባይታ ኣጣጢሑሉ'ዩ ጸኒሑ። ካብ ነዊሕ ጎስጉሱሉን ተዳልዩሉን እዩ ። ዓባይ ትግራይ ንምፍጣር ፣ ምስ ኤርትራውያን ውግእ ከይገበረ ዝሓልፎ ምኺኑ ሓሲብዎ ዝፈልጥ ጉዳይ ኣይነበረን። ብታሪኽን ብመስዋእትን ዝተሃንጸ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ፍሉጥ ዶባት ዘለዋ ሃገርን ስቅ ኢላ ተቆራሪጻ ትተርፍ ስለዘይኮነት። ብተግባር ከኣ ወያነ ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ዝሃሰዮን ዝወገኣን

ኣካል ‘ተልዩ ከምቲ ዝብሎ ዝነበረ ጸረ ሃጸይነትን ኣድሓርሓርቲ ሓይልታትን ኣይኮነን ተዓጢቁ ። እንታይደኣ ኣንጻር ነቲ ዘዕብዮ ፡ ኣጀኻ ዝበሎ ፡ ኣብ ጽንኩር ኩነታት ዝሓንገሮ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይ ኮይኑ እዩ ተረኺቡ ። ምኽንያቱ ነቲ ከሳልጦ ዝደሊ ኣጀንዳ ክዕንቅፎ ዝኽእል ሓይሊ ህዝቢ ኤርትራ ምኻኑ ስለዝፈልጥ እዩ ። ኣብዚ ክንሪኦ ዝግባኣና ጉዳይ መሪሕነት ወያነ ምስ መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ ዘይምስምማዕ ኣይኮነን እቲ ጸገም ። ብብዙሕ መንገድታት ከይሰማምዑ ይኽእሉ እዮም ። እቲ ሕምረት ጉዳይ ግን ወያነ ረብሓታት ናይ ህዝብታት ሓልዮም ዶ ኣይሓለዉን ዝብል ሕቶ እዩ ነገሩ ።

ወያነ ፡ ማርክሰ ለኒናዊት ሰልፊ መስሪተ ፡ ካብ ጸቢብ ኣተሓሳስባታት ወጽየ ናብ ኣህጉራዊ ናይ ጥቑናት ህዝብታት ዝውክል ስነ ሓሳባዊ ፍልስፍና ተሰጋጊረ እየ ክብል ብኣዋጅ ኣፍሊጡ ። ጸረ ሃጸይነተ ጥራይ ዘይኮነ ፡ ጸረ ማሕበረነታዊ ሃጸይነት ( ሰቭዮት ሕብረት ነበር) ከይተረፈ ዝምክት ሓይሊ ዋሓስ ናይ ውጹዓት ህዝብታት እየ በሃላይ ነይሩ። ገሌና እንታይ ይብሉ ከምዘለዉ ኣይተረዳእናዮምን፡ ምኽንያቱ ንእንታይነቶም ተግባራቶም ይገልጾ ስለዝነበረ። ኮይኑ ግን ናቶም ጉዳይ ስለዝኾነ ድላዮም ይግበሩ ኢልናዮም ። ገሌና ከኣ ኣፍኩም ማዓር ይምላኣዮ ኢልናዮም ። ቀጺሎም ፡ ኣብ መንጎ ጸጋማውያን ዝበሃሉ ዝነበሩ ሓይልታት ዘሎ ፍልልያት ኣጽኒዐ መጽናዕተይ ወዲኣ ፡ ኣየናይ ቁኑዕ ምኻኑ ፈሊጠ (ናይ ኣልባንያ ዓይነት ማርክስነት ለኒንነት) ዝበለጸ ምዃኑ ተገንዚበ ተረዲአ በለ ወያነ ። ብተግባር ክንመዝኖ ከሎና ፡ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ካብ ሃጸይነት ኮነ ካብ ካልኦት ክዕንገልን ተጠቒሩ ክሰርሕን ፡ ንዞናና ንፋስ ከእቱን ዝኽኣለ ግን ወያነ ኮይኑ ተረኺበ ።

ህዝቢ ትግራይ ዝመረጾ ፖሎቲካዊ መስመር ክኽተል ፡ ኤርትራውያን ካብ ቀደም ንኣምነሉ ጉዳይ እዩ ። ንዘይ ትሰርሓሉ ንጉጅላዊ ተበላጺ ጠባያት ከተዕውት ክትብል ብስነ ሓሳባዊ ፍልልይ ኣምሲልካ ኣዳናጊርካ ኣብ ህዝብን ተጋዳላይን ዘይምትእምማንን ጎንጽታትን ክትፈጥር ምስራሕ ግን ንጥቅሚ ናይ ኹሉ ኣይነበረን ሕጂ’ውን እሙን ናይ ርእሰማላዊ ዓለም ኣለኹ ኢልካ ምፍካር ዝጠቅም ኣይኮነን። ወያነ፡ መሳርሒ ገሮም ዝጥቀሙ ሓይልታት ፡ እቲ መሳርሒ መስ ኣረጎም ከምድላዮም ከምዝቅይሩ ክፈልጡ ነይርዎም ። ካብ መሳርሒ ምዃን ዝሓሰረ ነገር’ውን የለን።

ተንኮላት ወያነ ንጹር እዩ ነይሩ ። ንምድንጋር ዘይምህዝዎ ነገር የለን ፡ ዓብዮምሉ ጥራይ ዘይኮነ ኣሪጎምሉ እውን እዮም። ወያነ ምስ ካልኦትስ ይትረፍ ፡ ኣብ መንጎኦም

ዝፈጠርዎ ክልተ ጉጅለ ፡ ብመሰረቱ ግን ነቲ ተበላጺ ጠባያቶም ዘዕግብ ፡ እቲ ሓደ ጉጅለ ብሕጊ ዘይቅየድ ፡ ምስ ኹሉ ጎንጽታትን ዘይምርድዳእን ዝፈጥር ፡ እቲ ሓደ ጉጅለ ግን ለባም ፡ ሰላም ዳላዩ ምኳኑ እናገለጸ ምድንጋራት ዝፈጥር ጉጅለ እይ'ውን ።

ወያነ፥ ምስ ኤርትራ ኵናት ንምብራዕ ብዝተፈላለየ መንገድታት ብዶብን ብኻልእን ኣምሲሉ ተንቀሳቒሱ ። ኮይኑ ከኣ ፡ ውግእ ምስ ተጀመረ እቲ ውግእ መን መወሎ ? ብስንቂ ኮነ በኣጽዋር ፡ ናይ ሰብዮት ናይ ውግእ ኪኢላታት ብናይ መን ገንዘብ ተኸፍሉ ? ብማርከሳውያን'ዶ ብሃጸያውያን ? ብዘይ ምኽንያት ክንድዚ ሓገዝ ምርካብ ኣሎ ድዩ? መን'ከ ተጎድኣ ኣየናይ ዕላማ ኸ ተዓወተ? ብረብሓታት ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራን ንምዘኖ ።

ኣብቲ ኵናት ንህዝባዊ ዕላማታት ከዕውቱ ክቃለሱ ዝኽእሉ ፡ ረብሓታቶም ምስቲ ህዝቢ ዝኾኑ ፡ ኣብ ጽንኩር ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ተሳሒሎም ዝዓበዩ ፡ ጀጋኑ ኤርትራውያንን ጀጋኑ ውጹዓት ኢትዮጵያውንን እዮም ጠፊኦም ። እዚ ከኣ ጸረ ህዝባዊ ዕላማን ዓንዲ ሕቖ ህዝባዊ ሓይልን ንምድኻም ካብ ምኳን ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን ።

ወያነ ፡ ዘይሓልይሉ ኣጽዋርን ሰራዊትን ረኺቦም ። ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ዝተኮስዎ ኣጽዋር ኣብ ምሉእ ሂወት ቃልሶም ኣንጻር ሃጸይነት፡ ማሕበረ ሃጸይነትን ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያምን ኣይተኮስዎን ። ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ግን ማእለያ ዘይብሉ ኣጽዋር ተኩሶም ። ኣብቲ ኵናት ብዝለዓለ ደረጃ ዝተኻፈሉ ከምዝገልጽዎ ፡ ኵናት ወያነ ብጨመተ ንሰራዊት ኤርትራ ንምቃዕ ኣይኮነን ኣጽዋር ይትኮስ ነይሩ ። ነቲ ሰራዊት ኤርትራ ኣለዎ ኢሎም ዝጥርጥርዎ ፡ ፈጺሙ ሰራዊት ዘይብሉ ጎላጉልን ጎቦታትን ከይተረፈ ፡ ብምልኡ ተተኳሲ ክምዝወድቖ ምግባር እዩ ነይሩ ስርሖም ። ስለዚ ሰራዊት ኤርትራ ዘይብሉ ጎቦታትን ጎላጉልን ከይተረፈ እዩ ተሃሪሙ ። ኣዝዮም ስለዝራዓዱ እቲ ኣጽዋር ከኣ ስለዘይሓልይሉ ፡ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ እዩ ነይሩ ውግኦም ። ኣብ ቅድሚ ዕርድታት ሰራዊት ኤርትራ ዝወደቁ ኢትዮጵያውያን እውን ወያነ እንታይ ዓይነት ውግእ ይዋግኡ ከምዝነበሩ ኣነጺሩ የርኢ እዩ ። ወያነ ፡ ወተሃደራዊ ክእለት ኣለና ብምባል ህዝቢ ዘዳናግርዎ ዝነበሩ ሓሶት ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቦም ተቃሊዖም እዮም ። ኣብ መራሕቲ ኵናት ኮይኖም ዝሰርሑ ናይ ካልኦት ሃገራት ናይ ውትህድርና ኪኢላታት ዝብልዎም ብገንዘብ ኣብ ምዕዳግ እዮም ኣትዮም ። ውያነ ዓቅሞም ከም ፈኸራኦም ኣይነበረን ሕጂውን ኣይኮነን። ምኽንያቱ ህዝባዊ ዕላማ ስለዝጎደሎም።

ወያነ ፡ ማእለያ ዘይብሉ ኣጽዋር ረኺቡ ። ዝኣክል ገንዘብ ፡ ብደርቂ ኣመኽኒኻ ብስም ረዲኤት ዝኣክል ስንቂ ሰራዊት፡ ካብ መላእ ኢትዮጵያ ዘድልዮ ብዝሒ ሰራዊት ፡ መራሕቲ ናይ ኩናት ፡ ናይ ሳትላይት፡ ናይ ስለላ ደገፍ.. ረኺቡ ብወተሃደራዊ ዓይኒ ክትሪኦ ኮሎኻ ፡ ዕላማ እዩ ጎዲሉ እምበር፡ ዝተረፈ ኣይነበረን ። እዚ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ንምጥፋእ ነበረ ። ኮይኑ ግን ክዕወት ኣይከኣለን ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ወያነ ጥራይ ኣይኮነንን ተዋጊኡ ። ኩሎም ወረርቲ ሓይልታት ዝፈተኑ ፈቲኖም ፡ ብወተሃደራዊ መንገዲ ምስ ፈሸሉ ፡ ብጥበብ እዩ ውግእ ጠጠው ክምዝብል ተገይሩ ። ስምምዕ ኣልጀርስ ሂወት ወያነ ንምድሓን ተባሂሉ ፡ ምስ ናይ መጨረሻ ናይ ወያነ ወደብ ዓሰብ ንምሓዝ ፈተነ ተኣሳሲሩ ዝተገብረ ስምምዕ እዩ ነይሩ ። ውግእ ግንባር ዓሰብ ከመይ ከደ እናተባህለ ፡ ምስ ሓዘን ጥፍኣት ሰራዊት ወያነ ኣብ ደንከልያ ዝተኣሳሰረ ናይ መጨረሻ ፈተነ ዝተገብረ ስምምዕ ንመን ክሕሾ ተባሂሉ ?

ነቲ ውግእ ጠጠው ንምባል ከምዓረቅቲ ኮይኖም ተሰሪዖም ጠጠው ዝበሉ ፡ ኩሎም ንወያነ ዘዕጥቁን ዘስንቑን ፡ ዘማኽሩን ዝስልሉን ዝነበሩ እዮም ። ብሓጺሩ ብቀጥታት ኮነ ብተዘዋዋሪ ፡ ንወያነ ዝሕግዙ ዝነበሩ እዮም ። ህዝቢ ኤርትራ ብውግእ ስለዝተሃሰየ ተባሂሉ ፡ ሓልዮት ተገይሩሉ ፡ ውግእ ጠጠው ክምዝብል ተገይሩ ዝብል እንተሎ ዝዓወነን ብፕሮፖጋንዳ ናይ ጸለእቲ ኣእምርኡ ዝተሰልበን ሰብ ጥራይ እዩ ። ህዝቢ ኤርትራ እንታይነቱ ብደሙ ዘፍለጠን ህልውንኡ ዘረጋገጹን ህዝቢ እዩ ። ጅግንነት ሰራዊት ኤርትራ በቲ ሓቀኛ ትሕዝትኡን ሞያኡን ክረአ እንኮሎ መግለጺ የብሉን ። ካብ ንሕና ኤርትራውያን ጸላእትና ከኣ ኣጸቢቆም ይፈልጥዎን ይፈርሕዎን ።

እቲ ውግእ ጠጠው ክብል ስምምዕ ክግበር ኮሎ ፡ ቀንዲ ዕላማኡ ንኢትዮጵያ ንምሕጋዝ ምኺኑ ኣድሚቂ ዘርእዮ ፡ እቲ ሲዒቡ ዝተራእየ ተግባራት ይገልጾ ። ድሕሪ ብይን ቤት ፍርዲ ዓለም ፡ ክሳብ ሎሚ ኩሎም “መንጎኛታት” ብሓቂ ግን ናይ ወያነ ኣያታት እንታይ ገበሩ ?

ወያነ ንህዝቢ ኤርትራ ብኩናት ኣይካኣልዎን ። ካልእ መገዲ ፡ ብቑጠባዊ ፡ ብስነ ኣእምሮኣዊ ፡ ብእገዳ (ማዕቀብ) ፡ ብድፕሎማስያዊ ኩናት ይሰርሕሉ ኣለዉ ። ነዚ ኩሉ ከካይዱ ምስ በዓል መን ኮይኖም ? ንናይ መን ረብሓ ? ኣንጻር መን ? ብንጹር ህዝቢ ኢትዮጵያ በጃካ ክስራን ዝረኸቦ ረብሓ የብሉን፡ ክህልዎ እውን ኣይኮነን። መን ደኣሉ ተጠቃሚ ? ዝብል

ሕቶታት ንኣንበብቲ ገዲፈ፡ ንኩሉ ሕሉፍን ህልውን ጠባያት ወያነ መዚንካ ኣብ ዝስዕብ መደምደምታ ክትኣቱ ትግደድ።

- ወያነ፡ ኣብ መጽናዕቲ ዝተሞርኮሰ ንጹር ራእይ ዘይብሉ ፡ ብጊዝያዊ ተረኽቦታት ዝዕንድር ሓደገኛ ጉጅለ ምዃኑ፡
- ወያነ ናይ ጥልመት ጠባያት እናዘውተረ ዝዓበየ  ተበላጺ ጉጅለ ምዃኑ፡
- ወያነ ፡ ንህዝቢ ትግራይ ብፍላይ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከኣ ብሓፈሻ ፡ ዘየገግልን ክብርታት ዘይሕሉን ከምዝኾነ ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ዞናናን ዝጎድእን ዝምድናታት ከባላሹን ዝተዓጥቀ ምዃኑ ፡   ብኸመይ ? በየናይ መርትያታት ? ንርኣዮ፡

## ወያነ፡ ኣብ መጽናዕቲ ዝተሞርኮሰ ንጹር ራእይ ዘይብሉ ብጊዝያዊ ተረኽቦታት ዝዕንድር ሓደገኛ ጉጅለ ምዃኑ፡

### ቀዳማይ መርትያ

ወያነ ፡ ክሳብ ድሮ ውድቀት ስርዓት ደርግ ፡ ስሙ ፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ፡ ቃልሱ፡ ብሄራዊ ቃልሲ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ ፡  ኢሉ እዩ ዝቓለስ ነይሩ ። ንመላእ ኢትዮጵያ ብሓባር ንቃለስ ንዝብሉ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ነጺጉን ኣብ ጎንጺ ኣትዩን እዩ ተጓዒዙ ። ገድሊ ኤርትራ’ውን ንጭቡጥ ኩነታት ኢትዮጵያ ብምርዳእ ነዘቕረበሉ ርእይቶ ነጺጉ ጥራይ ዘይኮነስ ፡ በኣሽካዕላል መሊሱሉ እዩ ።  “ንሕና ወያነ ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኢልና ክንቃለስ ሓላፍነት ዝሃበና የለን “ ይብሉ ነበሩ ።

ናይ ትግራይነት ብሄራውነት ስምዒታት ክሕይሉ ሰሪሖም ክንሶም ብቕጽበት ካብ ኢትዮጵያውያን ንላዕሊ ኢትዮጵያውያን መሲሎም ተራእዮም ። ይኹን እምበር ሕጂ’ውን እዚ ኢትዮጵያውነቶም ከእመን ዝኽእል ኣይኮነን።  ምኽንያቱ ወያነ ፡ ምስ ሓቀኛ ባህርያቶም ዝቀያየር፡ ናይ መንነትን ዕላማን ንጹር ራእይ ናይ ዘይምህላውን ጸገም ኣለዎም ።  እዚ ከኣ ወያነ ፡ ንሕሉፍን ህልውን ኩነታት ኣብ ጸብጻብ ኣእትዮም ንቃጻሊ ጉዕዞ ዘጋጥሙ ተኽእሎታት ናይ ምርዳእን ምምዛንን ፖሎቲካዊ ዓቕምታት ስነ ሓሳባዊ ብስለትን ከምዘይነበሮምን ሕጂ’ውን ከምዘይብሎምን የረድእ ። እዚ ዓብይን መሰረታውን ንጹር ራእይ ዘይምህላው ምዃነ ከኣ የመልክት።  ኣይኮነን ዝብል እንተሎ ጺን ኢሉ ክሰምዕ እደሊ ።

## <u>ካልኣይ መርትዖ</u>

ካብ ማርክስነት ሊኒንነት ፈኺራን ምስሉይነትን ፡ ናብ ጉሁድ ኣብ ሕቁፊ ሃጸይነት ተገቲርካ ምእዙዝን እሙንን ምዃንን፡ ብምእዙዝ ምዃንካ ምፍካርን መልከዒ ዘይብሉ ምስገናን ምቅራብ ፡ ሰራዊት ከይተረፈ ናብ ተኣፋፊ ቦታታት ምልኣኽን ተራእዩ ። ኣብ ስነ ሓሳባዊ ፍልስፍና እውን ወያነ ከምዝጥዕሞምን ከምድላዮምን እዮም ዝኾኑ ። ፈተውቶምን ጸላእቶምን ይቀያይሩ። ማርክስነት ለኒንነት ከድንቁን ከማና ኩኑን ክብሉና ጸኒሖም ፡ ሎሚ ከኣ ኣየ እዚ ብሩኽ ርእሰማልነት ክጥዕም ፡ እንታይ ክንእዘዝ ንብል ኣሎና እሞ እንታይ ክንእዘዝ በሉ ይብሉና ኣለዉ ። ተቀቢሎም መልእኽቲ ዘተሓላልፉ ናይ ትማልን ናይ ሎምን ዘረባኦም በበይኑ ፡ ምስቲ ናይ ተበለጽቲ ጠባያት ኣዝዩ ሰጢሙ። ራእይ ዝብልዎ የለን ፈጺሙ ።

## <u>ሳልሳይ መርትዖ</u>

ንገለ ገለ ንመንግስቲ ኤርትራ ንጻረሮ ኢና ዝብሉ ኣካላት እውን እንተኾነ ፡ ሓንሳብ ሓንሳብ መሳርሒ ክኾንዎም ንዑ ይብልዎም ፡  ተገምጢሎም ኩነታት ተቀይሩ ኢሎም ይሰጉዎም ።  እንደገና ይጽውዕዎም ። ሓደ ሓደ ጊዜ ነቲ ሓደ ጉጅለ  ንስኻ ኢኻ ዝላዓልካ እሙን ይብልዎ  ፡ እንደገና ቀይሮም ንኻልእ ይሸሙ ፡ ጽንሕ ኢሎም ካብ ሽሞኛ ምዃን የውርዱ ።  ካልእ ጊዜ ይእክብዎም እንደገና መሊሶም ነንሕድሕዶም የባእስዎም ። ሓደ ሓደ ጊዜ ብብሄር ብቀቢላ ፡ ተገምጢሎም ብከበሳ ብቆላ ፡ ብሃይማኖት ብኣውራጃ … በብጊዝኡ ዝቀያየር ፡ ዝበልናኩም ስምዑ ክብሉ ፡ ወዮም ዝተባህልዎ ክገብሩ ዝፍትኑ ዓዊኖም፡ ጸገም ረኺቦም፡ ጊዜ ከኣ ነዊሑ፡ እርጋን ኣርኪቡ ፡ መዋእል ኮይኑ ። እዚ ወያነ ብዘይ ንጹር ራእይ ከምዝኸዱ እዩ ዘርኢ ። ወያነ፡ ንናይ ህዝብታት ረብሓ ዝውዕል ዝምድና ክገብሩ ከምዘይክእሉ ንጹር እዩ። ርእይ ዝብልዎ ነገር የለን ።

## <u>ራብዓይ መርትዖ</u>

ወያነ ነዞም መብዛሕቶም ዝሕግዝዎም ዘለዉ ኣካላት ፡ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ ቃልሲ ፡ ከም ንድሕሪት ዝተረፉ ፡ ኣድሓርሓርቲ ኣካላትን መራሕትን ፡ ከም ኣብ ዘመነ ቀቢላነትን ኣብ ድሕረትን ክነብሩ ዝደልዩ ፡ ምስ ህልዊ ኩነታት ክዓብዩ ዘይክእሉ ዕንቅፋት ናይ ሰውራ …. ገይሮም ይገልጽዎም ነይሩ ። እቶም መብዛሕቶም ሓግዙና ዝብሉ ዘለው’ውን ፡ “ መሪሕነት

ህዝባዊ ግንባር እንታይ ምኸኑ ምፍላጡ ሽጊሩና ኣሎ ። ኣብ እምባታት ሳሕል ኮይኑ ኣብ ዶብ ደንካልያ ንዘሎ ሰራዊት ወያነ ይእዝዞ” እናበሉ ፡ ወያነ ኩርኩር ናይ ህዝባዊ ግንባር ምኸኑ ኣብ ቅድሚ ሰራዊቶምን ህዝቦምን ኮይኖም ዝምሕሉ ዝነበሩ እዮም። ኣብ’ዚ ጊዜ እዚ እቶም ንወያነ ኩርኩር ዝብልዎ ዝነበሩ ፡ ንገዛእ ርእሶም ኮራኩር ናይ ወያነ ኮይኖም ምርካቦም፡ እቶም ዱሑራት እዮም ዝብሉ ዝነበሩ ከይሓፈሩ ኣብ ኤርትራ ክመርሑ ይኽእሉ ምባሎም ፡ እንታይ ዝበለ ስልጠና እንታይ ዝበለ ትእዛዝ የገርም ። ብመሰረቱ ከኣ እንታይ ዝበለ ዝምድና ትብል። ኮይኑ ግን ራእይ ዘይብሉ ኣብ ጸገማት ምፍጣር ናይ ዓቅሊ ጽበት ዝምድና ምኸኑ ኣይትስሕቶን።

# ወያነ ናይ ጥልመት ጠባያት እናዘውተረ ዝዓበየ ናይ ተበለጽቲ ጉጅለ ምኸኑ

## ቀዳማይ መርትዖ

ወያነ ነዞም ኩሎም ኣብ ጊዜ ቃልሲ ዝተሰውኡ ተጋሩ ዝገልጸሎም ዝነበረ ዕላማ ፡ ንትግራይነትን ብሄራውነትን ትግራይ እዩ ነይሩ። ዕላማ፡ ዜጋታት ዋጋ ዝኸፍሉሉ ጉዳይ እዩ። ብተግባር ከምዝተራእየ ግን ፡ ኣብቲ መሰረታዊ ነገር ዕላማ ፡ ወያነ ፡ ቃልሲ ክጅምሩን ቃልሲ ክጭርሹ ደርጊ ክወድቅ ኮሎን ዝነበረ ኣረኣእዮኦም ክልቲኡ በበይኑ ። እዚ ከኣ ነቲ ታሪኻዊ ጉዕዞታት ህዝቢ ትግራይ ክትኣሳሰርን እንታይነት ዝገለጽን መገዲ ከምዘይሓዙ የረድእ። እዞም ኩሎም ዝተሰውኡ ጀጋኑ ተጋሩ ፡ ወያነ ብዘልዓልዎ ሕቶ መሰረት፡ ብሄራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ትግራይ ኣካይድካ ትግራይ ምህናጽ ዝብል ዕላማ እዩ ነይሩዎም ። ኣብ መጨረሻ ከምዝራኣናዮ ግን ተጋሩ ዝተሰውእሉ ዕላማ ተጢሊሙ እዩ ። ህዝብን ሃገርን ንጹር ታሪኽ ሒዙ ዝኸይድ እምበር ከምድላይካ ትገብሮ ጉዳይውን ኣይኮነን ።

## ካልኣይ መርትዖ

ወያነ ፡ ንህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ንህዝቢ ከባቢ ዘባና ብሓፈሻ ንሰላምን ንዕብየትን ክሰርሑ ምኻኖም ዘይበልዎ ቃልን ዘይጻሕፍዎ ጽሑፉን ኣይነበረን ።

እዚ ኩሉ መብጸዓ ተጠሉሙ እዩ። በንጻሩ ሰሪሑ ንክነብር ዝደሊ ህዝቢ ኤርትራ ንምትዕንቃፍ ብውልቆምን ምስ ካልኦትን ኮኖም ዘይገብርዎ ተንኮላት የለን።

## ሳልሳይ መርትዖ

ኣብ ስምምዕ ኣልጀርያ ፡ ወያነ ነቲ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ንዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተበየነ ብዘይቅድመ ኩነት ክቕበልዎ ምዃኖም ፈሪሞም ። ቤት ፍርዲ ፡ ፍርዱ ምስ ሃበ ግን ዋላ እኳ ብምጥላሞም ፡ ብይን ዝቅየር እንተዘይ ኮነ ፡ ወያነ ግን ውዕል ጠሊሞም እዮም ። መንግስቲ ዝኣክል ኣብ ቅድሚ ህዝቡን ህዝቢ ዓለምን ከምዚ ዝኣመሰለ ጥልመት ካብ ገበረ ፡ ናብ ዜጋታት ዘማሓላልፎ መልእኽቲ እንታይ ምኻኑ ፍሉጥ እዩ ። እዚ ከኣ ነቲ ጭዋ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ቅድሚ ዓለም ዘሕፍር ጉዳይ እዩ ።

## ራብዓይ መርትዖ

ህዝቢ ኤርትራ ዕድሉ ንኽውስን ኣሚኖም ሰሪሖም ክንሶም ፡ ተገምጢሎም ዓሰብ ክሕዙ ብዙሕ ፈቲኖም ። ገለ መራሕቲ ወያነ ዝነበሩ ፡ ኤርትራ ምስ ወደባታ ክትፍለ ምኽኣላ ዓብዩ ጊጋ ከምዝገበሩ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኣሚኖም። እዚ’ውን ዋላ እኳ ንኹሎም መራሕቲ ወያነ ኣይግለጽን ከምጽኦ ዝኽእል ለውጢ’ውን ኣይሃሉን እምበር ጥልመት ምዃኑ ኣይተርፎን ።

# ወያነ ፡ ንህዝቢ ትግራይ ብፍላይ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከኣ ብሓፈሻ ፡ ዘየገግልን ክብርታት ዘይሕሉን ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ዞናን ዝጎድእን ዝምድናታት ከባላሹን ዝተዓጥቀ ጉጅለ ምዃኑ

ብኸመይ ? በየናይ መርትዖታት ?

## ቀዳማይ መርትዖ

ህዝብታት ዝምድናኦም ብዝበለጸ ዘሕይሎን ዝኣሳስሮን ቁጠባዊ ዝምድና እዩ ። ባህላዊ ኮነ ሕብረተሰባዊ ዝምድናታት ነቲ ዝህሉ ቁጠባዊ ርክብ ዘንጸባርቕ እዩ። ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ዝነበረ ዝምድና ፡ ወያነ ኣዝዩ ሃሰይዎ እዩ። ወያነ ድሕነት ህዝብን ጥዕና ዘለዎ ርክብ ህዝብን ሓልዮም ንቀጻሊ ውሕስነት ዝጠመተ ዝምድና ህዝብታት ዝሕስቡ ኣይኮኑን ። ካብ ዝፍጠሩ’ውን ሓሲቦም

ኣይፈልጡን። ተናዒቅና ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ ናብ ሕነ ምፍዳይ ዝዓይነቱ መገዲ እዮም ጠሚቶም። ቀንዲ ካብቲ ሓደ ምኽንያት ነቲ ካብ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ተፈልዮም ብሄራዊ ሓርነት ወያነ ትግራይ ኢሎም ውድብ ምምስራቶም’ውን እዚ ናይ ንዕቀት ዝብል ኣጠማምታ ነይሩ።

እቲ ዝሓየለ ርክብ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ኣብ ቁጠባዊ ዝምድና ሰረት ዝገበረ እዩ ነይሩ። እቲ ዝነበረ ቁጠባዊ ዝምድና ብፖሎቲካውን ባህላውን ከምኡውን ብሕብረተሰባውን ዝምድናታት ይግለጽ ነይሩ እዩ። ወያነ ኣብ ውሽጦም ሒዞሞ ብዝነበሩ ስዉር ኣጀንዳ በብጊዚኡ በጨቅ እናበሉ ክፈታትንዎ ጸኒሖም። እቲ ሕማም ብዙሕ ጊዜ ኣብ ጊዜ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ይኹን ድሕሪ ናጽነት ብዶባት ኣምሲልካ ጎንጽታት ክጽሕትሩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ መጨረሻ ኣብ ወታሃደራዊ ጎንጽታት ብምእታው፡ ቀዳማይ ስጉምቲ ቁጠባዊ ርክባት ናይ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ምብታኽ ነበረ። ኤርትራ ብቁጠባ ጸገማት ክትሕነቅ ኣለዋ ብምባል ፡ ናይ ወደባት ዝነበሮም ተጠቃምነት እንተኣቃሪጾም ኤርትራ ፡ ከም ኤርትራ ጠጠው ናይ ምባል ዓቕሚ ኣይክህልዋን እዩ ዝብል መደምደምታ ገበሩ ።

ናይ ኤርትራውያን ትካላትን ንብረትን ብዘይ ኣገባብ ዘሪፎም። ብቃልሲ ሓሊፉ ዝብል መንግስቲ ፡ **ኤርትራውያን** ሰሪሖም ዘጥረይዎ ገዛውትን ንብረትን ክዝርፍ ዘገርም ጥራሕ ዘይኮነ ስራሕ ሽፍትነት’ውን እዩ።

ልክዕ እዩ ወያነ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበሮም ኩሉ መዳያዊ ዝምድናኦም በቲኾም፡ ምስ ሃገራት ጁቡቲ ፡ ሰማል ፡ ከንያንን ሱዳንን ዝምድና ክገብሩ ኣይክእሉን ማለት ኣይኮነን። እዚ ግን ነብሱ ዝከኣለ ታሪኽ ክህልዎ እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ምስዘን ሃገራት እዚኣን ልክዕ ከምቲ ምስ ኤርትራ ዝነበሮ ርክብ ክምስርትን ከማዕብልን ናይ ወለዶታት መዋእል ከድልዮ እዩ። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ዓብዪ ትምህርቲ እዩ። መራሕቲ ኢትዮጵያ ክሳብ ክንደይ ንህዝቢ ኤርትራ ደመኛታት ምዃኖም ኣጉሊሑ ዘርእን ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ዝነብርን ምዃኑ ኣይተርፎን።

## <u>ካልኣይ መርትዖ</u>

ወያነ፡ ዝኾነ ኣብ መንጎ ሕብረተሰብ ኢትዮጵያ ኮነ ምስ ካልኦት ዝጸንሓ ጸገማት ብቁኑዕ ኣፈታትሓ ግርጭታት ከደቅሶ ዝፍትን ጉጀለ ኣይኮነን። ቅድሚኡና ብካልእ ብሄር ፖሎቲካዊ ስልጣን ተተሒዙ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኑ ይኸይድ ነይሩ ብምባል ኣብዚ ጊዜ ከኣ ግዴና እዩ በሃሊ እዮ። ናይ ስልጣን ምቅይያራት መሰረት ገሮም ፡ ቀደም ዝሓለፎም ኣብዚ ጊዜ ምርካቡ ዝብል ስራሓት እዮም ክሰርሑ ጸኒሖም። በዚ መሰረት ንህዝቢ ትግራይ ምስ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ዝያዳ ኣብ ጽልኢ ከምዝኣቱ ገይሮም እዮም። ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ንዝነበሮ ዝምድና ክልሕልሕ ቀንዲ ጠንቂ ኮይኖም እምበር ፡ ንዝምድናታት ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ሓጋዚ ነገር ኣይሰርሑን። ምስ ህዝቢ ሶማል’ውን ወተሃደራቶም ኣእትዮም ናይ ዕንወት ጠንቅታት ከምዝኾኑ ዓለም ዝፈልጦ ጉዳይ እዩ።

## <u>ሳልሳይ መርትዖ</u>

ድሕሪ ናይ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ብይን ፡ ወያነ ሰራውዊቶም ካብ ባድመ ከውጽኡ ዘይምኸኣሎም፡ ንኩናትን ንዝምድናታት ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን መሊሶም ንምብልሻው እንተዘይኮይኑን ፡ ወይ ከኣ ምስ ዝኣልምዎ ተንኮላት ዝሰማማዕ ፍሉይ ዕላማ እንተዘይሃልይዎም ፡ ወያነ ኣብ ባድመ ንሓዋሩ ክነብርዎ ከምዘይክእሉ ዝጠፍኦም ኣይመስለንን። እዚ’ውን ዝምድናታት ህዝብታት ንምብልሻው እንተዘይ ኮይኑ ካልእ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን።

## ራብዓይ መርትዖ

ወያነ፡ ብዓቅሞም ክገብርዎ ዝኽእሉ ተንኮላት ውሒድዎም፡ ምስ ካልኦት ኮይኖም ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ዕንወት ክፍጽሙ ዘይፈተንዎ ነገር የለን። ምስ ኤርትራ ኣብ ውግእ ኣብ ዝነበርሉ ጊዜ፡ ብመሬት ሱዳን ወተሃደራቶም የእትዮም ምስ ሱዳን ከጋጭውና ሰሪሖም። ብጅቡቲ ገሮም ኣብ መንጎ ጅቡትን ኤርትራን ወተሃደራቶም ብምእታው ሓደ ተውሳኺ ጠንቂ ናይ ኤርትራን ጅቡትን ዝምድና ምብልሻው ኮይኖም። በብጥቅመን ዝሓዝወንን ብናይ ጎይቶቶም ትእዛዝትን ብኢጋድ ዝፍለጣ ሃገራት ሒዞም ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ዘይፈተንዎ ነገር የለን። ንኹሉ ኤርትራዊ ንሓዋሩ ንታሪኽ ዝኾኖ ኣብ ቅድሚ ሕቡራት ሃገራት እገዳ ንምግባር ዝተፈተነ ፈተነን ዝፍተን ዘሎን ፡ ሪኢናዮን ንሪኦ ኣሎናን። ህዝብና ከይርህዎ ሰሪሑ ብራሃጼ ከይነብር ቁጠባዊ እገዳ ክግበረሉ እሞ ብድኽነት ክነብር ዕላማ ሒዞም ወያነ ይሰርሑ ኣለዉ ። ካብኡ ሓሊፉ ነቲ ኣብ ወጻእን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ንምፍልላይ ፡ ነቲ ሓደ ካብቲ ኣተኣሳሲሩ ዘንብሮ ንቀጻሊ ትውልዲ ዝጠቅም ናይ 2 ካብ ሚኢቱ መሕወዪ ግብሪ ጠጠው ንምባል ወያነ እንታይ ይገብሩ ከምዘለዉ ንሪኦም ኣሎና።

ኣብ መደምደምታ ፡ ወያነ፡ ብስነ ሓሳባዊ ፍልልይ ኣምሲሉ ምስ ኤርትራ ኣብ ጊዜ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ፡ ጎንጽታት ክፈጥር ፈቲኑ ፡ ፈተንኡ መኺኑ ተሪፉ ። ብዶብ ኣምሲሉ ወተሃደራዊ ኲናት ኣካይዱ ፈሺሉ ዕንወት ግን ፈጢሩ ። ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ኣካላትና ግፍዕታትን ገበናትን እናፈጸመ ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናትን ኣካይዱ ። ኤርትራዊ ግን መሊሱ ተቢዑ ። ቁጠባዊ ኲናት ኣካይዱ፡ ንብረት ኤርትራውያን ዘሪፉ ፡ ናይ ወደባት ተጠቃምነት ተሓሲሙ ናብ ዝያዳ ሓዉ ዝብሎ ህዝቢ ጅቡቲ ጊዒዙ ። እንተኾነ ግን ህዝቢ ኤርትራ ብቁጠባ ናብ ዝሓሸ ገጹ ክምርሽ ኪኢሉ ናይ ረዲኤት ትካቦ’ውን ነጺጉ ። ዲፕሎማስያዊ ሸርሒታትን ናይ እገዳ ተንኮላትን ተኣሊሙ ኣሎ ዝባሃል ፈተነታት ክፍተን ጸኒሑ ኣሎ ። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ክምክቶ ግድን እዩ። ነዚ ተዓሲቡ ዘለኣለም ዝነብር ዝመስሎ ዘሎ ጉጅለ ወያነ ፡ ናይ ምምካት ከኣ ብቀዳምነት ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካኣ ብሓፈሻ ዝምልከት ጉዳይ እዩ ። ንኩሉ ታሪኻዊ ጉዕዞታት ኣተኣሳሲርና እንተራኣናዮ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣበር ዘይብሉ ሰሪሑ ክነብር ዝደሊ ፡ ኣብ ናይ ዝኾነ ሃገር ኢዱ ዘየእቱ ህዝቢ እዩ። ምናልባት ንዝካየድ ፍትሓዊ ቃልስታት ሞራላዊ ደገፍ ምግባር ከምቲ ኩሉ ኣብ ቅንዕና ረጊጹ ህዝቢ ዓለም ዝገብሮ ናይ ሕልና ጉዳይ እንተዘይኮኑ ከም ካልእ ገርካ ዝረኣ ጉዳይ ኣይኮነን።